ብዓለ ቍስቋም



Following the death of King Herod, an angel instructed Joseph in a dream to return to Israel with Mary and Jesus because the threat to the child had passed. Joseph promptly obeyed and brought his family back to the land of Israel Mat. 2:19-20

ንባባት፡ 2ቆሮ 8፡1-16፥ 2ዮሐ 1፡9-ፍ፥ ግ.ሐ. 1፡12-15፥ ማቴ 2፡19-ፍ

ምስባክ፡ 1.ሶፍኒ ረከበት ላቲ ቤት፥ወማዕነቐኒ ጎበ ታነብር እጎሊሃ፥ ምሥዋዒከ እግዚኦ እግዚኦ ኃያላን መዝ. 84፡3።

2.ርኢክዎ ለኃጥእ ዐብየ ወተላልዕለ ከመ ዐርዘ ሊባኖስ ውሶበ እገብእ ጎጣእክዎ፥ ጎሠሥኩ ወኢረከብኩ መካኖ መዝ. 37፡35-36.

ብዓለ ቍስቋም ብአቆጻጽራ ግዕዝ አብ 6 ጎዳር ይብዕል። ናይ ቅድስት ሥድራ ስደት ንምድረ ግብጺ እዩ ዝዝክር። አብ ልደት መድኃኒና መላእኽቲ ሰማይ ሰናይ ዜና አበሰሮም፥ ጓሶት ብሓጎስን ብሀያብን ተቐቢሎሞ፥ ሰብአ ሰገል ካብ ርሑቕ ምስራቕ ምስ ፍሉይ ህያቦም ተቐቢሎሞ። እዚ አብ ጊዜ ልደት ንሰምዖ እንተ ኾነ ድሕሪ ሓጺር ጊዜ ዘሕዝን አጋጢሙ፥ ሄሮዱስ ንጉሥ ሃገር ቀታሊ ገፋዒ ሰብ ንልድት ክርስቶስ ክቕበሎ አይከአለን ንስልጣኑ ዝወስደሉ መሲልዎ። ሰብአ ሰገል ዝጽበዮ ሓበረታ ስለ ዘየምጽአሉ አብቲ ከባቢ ዝተወልዱ ቆልዑት ካብ ክልተ ዓመት ንታሕቲ ክቕተሉ ወሲኑ። ሄሮዱስ ጨካን ቀታል ሰብ እዩ ነሩ ንሱ ብ70 ቅ.ል. ክርስቶስ ተወሊዱ ብ4 ቅ.ል. ክ. ከአ ሞይቱ። ንሱ ካብ አይሁዳውን አረመናዊ ስድራ ተወሊዱ። ብ4 ዓመተ ዓለም ድሕሪ ሞይቱ ኢየሱስ ቅድሚ ሞቱ እዩ ተወሊዱ ምኽንያቱ ሄሮዱስ ካብ ክልተ ዓመት ንታሕቲ ዝኾኑ ሕፃናት ቀቲሉ እዩ ስለዚ ኢየሱስ አብ መንጎ 6-4 B.C. እዩ ተወሊዱ። አብ መጽናዕቲ ከዋኽብቲ ከም ዝሕብሮ አብ መንጎ ፕላነት ጁፒተርን ሳተርን አብ ድሕሪ ሽድሽተ ሚእቲ ዓመት ሓደ ጊዜ አብ ልክዕ መስመር ህዋ ይመጽኡ እዚ አብ 7 B.C. አጋጢሙ። ስለዚ ሞት ሄሮዱስ አብ 4 ድሕሪ ኮይኑ፥ ቅትለት ሕፃናት ትሕቲ ክልተ ዓሞት ብሄሮዱስ ከምኡ ናይ ጁፒተርን ሳተርን አብ ሓደ መስመር ብ7 B.C. ድሕሪ ኮይኑ ኢየሱስ አብ መንጎ 7-4 B.C. ተወሊዱ ማለት እዩ። ነዚ መሰረት ገርና ኢየሱስ አብ 1 A.D. ከምዘይተወልደ ነረጋግጽ። ኢየሱስ አብ 0 ዓ.ም. ተወሊዱ ዝብል ጌጋ ዘእተወ Dionysius Exigiuus ዝተባህለ ሩስያዊ መነኮስ ብ527 እዩ። ንሱ ብ527 ናይ ኢየሱስ ልደት ክጽብጽብ እንከሎ ኢየሱስ ድሕሪ 753 ዓመት ድሕሪ ምፍጣር ከተማ ሮማ እዩ ኮይኑ ኢሉ ይአምን ነሩ ዲዮንሲዩስ ኢየሱስ አብ

ማእከል ናይ ሓዲስ ዘመንን ናይ አረጊት ዘመንን ከም ዝተወልደ ከረጋግጽ ኢሉ ዝገበሮ እዩ እንተ ኾነ ተጋግዩ።

አብ ሄሮዱስ ክንምለስ ንሱ ብ37 ቅ.ል.ክ እዩ ብአጉስጡስ ቄሳር ግዛኢ ክኸውን ተሾሙ። ድሕሪ ሓጺር እዋን ሹመቱ ናይ አይሁድ ላዕለዋይ መራሕ ባይቶ ዝነበረን ንኹሎም አባላት ጉባኤ ባይቶ አይሁድ ዝነበሩ ብምሉኦም ቀቲልዎም ካብ 300 ንላዕሊ ዝኾኑ ካብ ኢየሩሳሌም አውጺኡ ቀቲልዎም። ጨካን ቀታል ሰብ እዩ ነሩ።

ብኻልእ ክርአ እንከሎ ከአ ጨካን ጥራሕ አይነበረን ገለ ሰናይ ግብሪ እውን ነርዎ እዩ። ፍርቂ አይሁዳዊ ስለ ዝነበረ ዝበለጸ ቤተ መቕደስ ሰሪሕሎም። ኢየሱስ ዝመላለሶ ዝነበረ ቤተ መቕደስ ሄሮዱስ ዝሰርሖ እዩ ነሩ። ብ25 ቅ.ል.ክ. አብ ምድረ አይሁድ ዓቢ ጥመት ወሪዱ ነሩ ሄሮዱስ አብ ቤተ መንግስቱ ዝነበረ አዋርቕ አምኪኹ መግቢ ንአይሁድ ከም ዝግዛእ ገሩ።

አብዚ ናይ ኢየሱስ ታሪኽ ብዛዕባ ሄሮዱስ ዝግድሰና እቲ ጨካን ግብሩ እዩ። ንሱ ዓሰርተ አንስቲ ነረንኦ 15 ቆልዑት ነሮሞ። ደቁ ምስ ዓበዩ አብ ስልጣን ደይቦም ነሮም እንተ ኾነ ክልተ ካብ ደቁ አለክሳንደርያን አሪስታቦሉስ ዝብሃሉ ንስልጣነይ ክወዳደሩኒ ፈቲኖም ካብ ዝብል ንሮማ ልኢኹ አፍሪዱ ብ6 ዓ.ዓ. ክርስቶስ አብ ዝተወልደሉ እዋን ከምዝቕተሉ ገርዎም። ቄሳር አጉስጡስ ነዚ ብዝርኢ ከምዚ ኢሉ ይብሃል፡ **አብ ገዛኻ ሓሳማ ምኳን ዝያዳ ዋሕስ አልኦ ካብ አብ ግቢ ሄሮዱስ**። ቅድሚ ሞቱ ብ4 ዓ.ዓ. ካልእ ወዱ ቀቲሉ ከምኡ ቅድሚ ሞቱ አብ ከተማ ኢየሩሳሌም ግፋ ክግበር አዚዙ እቶም ዝተገፉ አብ መዓልቲ ሞቱ ክቕተሉ አዚዙ። እዚ ዝገበሮ ኸአ አብ ሞቱ ዝኾነ ዝሓዝን ከምዘየሎ ይፈልጥ ነሩ ስለዚ ብዙሓት ሓዘንተኛታት አብ ከተማ መታን ክህልዉ እዩ ገርዎ።

ሄሮዱስ ምስ ሞተ ንግስነቱ አብ ሰለስተ ተመቒሉ። አብ ሰሜን ፍሊጶስ ሓዉ፥ አብ ማእከላይ ክፍሊ ሃገር አንጢፓስ፥ አብ ደቡብ አብ ኢየሩሳሌም ከባቢ ከአ እርኬላዎስ ነጊሱ። አርከለዎስ ምስ ነገሰ ሰለስተ ሽሕ አይሁድ ቀቲሉ። በዚ ምኽንያት ቅድስት ስድራ አብ ዓዳ ምስ ተመልሰት እውን አይጥዓማን አብ ናዜሬት ተቐመጡ ምኽንያት ናይ አርካላኦስ ምንጋስን ብዙሓት ምቕታሉን አሰኪፍዎም። ስለዚ ኢየሱስ አብ ናዝሬት ዓበየ።

እዚ ኹሉ ነቲ ናይ ቅድስት ስድራ ካብ ልደቱ ድሕሪኡ ስደት አብ ግብጽን ካብኡ ምምላስን ንጹር አፍልጦ መታን ክህልወናን እቲ ጨካን መራሕ ሃገር ዝገበሮ አብ ሓቀኛ ታሪኽ ከም ዝምርኮስ ንምግላጽ እዩ። አብዚ ሓደ ፍሉይ ነገር አሎ ዮሴፍ ኩሉ ጊዜ አምላኽ ዝገለጸሉ ዝአምንን ዝፍጽምን ምኳኑ እዩ። እግዚአብሔር ንዮሴፍ ብሕልሚ መልእኹ ሰዲዱ ሰለስተ ጊዜ ተገሊጽዎ ብኡ አቢሉ ኸአ ምኽርን ድለቱን ይነግሮ ነሩ። ቅድሚ ልደቱ ሕጽይቱ ማርያም ጸኒሳ ምስ ረአየ ክፈትሓ ሓሲቡ እንተ ኾነ መልእኽ ብሕልሚ ምስ ገለጸሉ አሚኑ ነሩ፥ ድሕሪ ልደቱ ንምድሪ ግብጺ ክሃድም ዝነገሮ መልእኽ እዩ፥ ሞት ሄሮዱስ ዝነገሮ መልእኽ እዩ። ዮሴፍ ንጹሕ እሙን ሰብ እዩ ነሩ። አምላኽ ካብኡ ዝደለዮ ክገብር ዝፈቱ እዩ ነሩ። ከም ማርያም ሕጽይቱ ሕራይ ኢሉ ዝኽእል ንወዲ አምላኽ ከም ምድራዊ አቦ ከዕቢ ዝተሓርየ ፍሉይ ሰብ እዩ። አብ ሕይወትና አብነትና እዩ ንሱ ነቲ ልኡኽ አምላኽን ንመልእኽቱን ካብ አምላኽ ምኳኑ አለልዩ ዝኽአለ እዩ። አብ ሕይወትና ብብዙሓት ልኡካት አምላኽ መልእኽቲ አምላኽ ይመጸና እዩ ንቕበሎዶ? ነለልዮዶ? እግዚአብሔር ንዮሴፍ ብሕልሚ ተንስእ ንሕፃንን ነዲኡን ሒዝካ ሀደም እንተ ዘይኮነ ክቕትልዎ እዮም ምስ በሎ አይወዓለ አይ ሓደረ ሃዲሙ። አብ ሕይወትና ካብ ፈተና ካብ ጥፍአት ካብ ኃጢአት ርሓቕ ሀደም ክብለና እንከሎ ንሃድምዶ ወይስ ሱቕ ኢልና ንመውት? አምላኽ ብልኡካቱ ገሩ ሀደሙ ርሓቑ ይብለና እዩ።

አምላኽ እዚ ዝሓሸ ቦታ እዩ አብዚ ንበር ከምዚ ግበር እናበለ ብልኡኻቱ ይነግረና። ሕጂ አብ ድሕነት ዝርከቦ ቦታ ክንከውን ይደልየና። ከም ዮሴፍ ልብና ንልኡክን ንመልእኽቲ አምላኽ ክቕበል ክፍጽም ክፉት ይኹን። እዚ አብ ጉዕዞ ስደት አብ ሕይወት ዮሴፍ እንምሃሮ ሓቂ እዩ።

ንመደብ አምላኽ ዝቕይር ሓይሊ የለን።

ንመደብ አምላኽ ደው ከብል ወይ ክቕይር ዝኽእል የለን። ሄረዱስ ወላ ጨካንን ክፉእን ሰብ ይንበር ንመደብ አምላኽ ክቕይሮ አይከአለን። መንግስታት ይኹኑ ገዛእቲ ሃገራት ንመደብ አምላኽ ክቕይሩ ዘይሕሰብ እዩ። ወዲ አምላኽ ክውለድ መደብ አምላኽ እዩ ግዚኡ ምስ በጽሐ ኸአ ተወሊዱ። ምስ ተወልደ ካብ ቅትለት ሄሮዱስ ከም ዝድሕን ዝገበረ መደብ አምላኽ እዩ። አብ መስቀል ሞይቱ ንደቂ ሰብ ከድሕን ዝገበረ መደብ አምላኽ እዩ። ተመሳሳላይ ነገር አብ ብሉይ ኪዳን ንረክብ ሙሴ ምስ ተወልደ አብ ግብጺ ዝኾነ ወዲ ካብ እስራኤላውያን ዝተወልደ ክቕተል ሕጊ ነሩ፥ ገዛእቲ ግብጺ ንብዙሓት ቀቲሎም ንሙሴ ግን ክቕትልዎ አይከአሉን። ሙሴ ዓሰርተ ትእዛዛት ካብ አምላኽ ተቐቢሉ ክህብ መደብ አምላኽ እዩ ነሩ። ስለዚ ንጉሥ ይኹን ገዛኢ አብ ታሪኽ ንመደብ አምላኽ ደው ዘበለ የለን ንድሕሪ ሕጂ እውን አይክህሉን እዩ። አብ ዘመና ናዚ ጀርመን፥ ኮሙኒዝም፥ ዝተፈላለዩ ገፋዕቲ መንግስታት ንስም አምላኽ ንእምነት ክርስትና ከጥፍኡ ተንሲኦም ግን ኩሎም ደም ሰማዕታት ውሒጥዎም ዓሪቦም። ታሪኽ ከም ዝገልጸልና ዝኾነ ካብ መገዲ አምላኽ ወጺኡ ንመደብ አምላኽ ሓዲጉ ናቱ ድለት ክፍጽም ዝደሊ መወዳእታኡ ጥፍኣትን ውድቀትን እዩ። እንተኾነ ቤተ ክርስትያን ክርስቶስን መንግስቲ አምላኽ ደው ኢሎም ቀጸልቲ እዮም። እዚ እዩ አብዚ ዝተገልጸ ታሪኽ እንርእዮ። ክንደናይ ጨካን ይኹን እቲ ንጉሥ ንመደብን ንድላይ አምላኽን ደው ከብል ዝኽእል የለን።

አብ ብሉይ ኪዳን እንተ ረአና ብዙሓት ንግብጺ ይሃድሙ ነሮም ዝብል ነንብብ ምኽንያቱ ግብጺ በቲ እዋን ዝያዳ ዑቕባ ዝርከቦ ዓዲ እዩ ነሩ። ብዙሓት እስራኤላውያን ካብ ጥንቲ አብ ግብጺ ይነብሩ ነሮም በዚ ኢና ብዙሕ ነገራት ንብሉይን ንሓዲስ ኪዳን ዝርኢ ብራናታት ብፍላይ "Septuagint" ፍሉይ ቅዳሕ ብሉይ ኪዳን አብ አለክሳንድርያ እዩ ተተርጕሙ፥ ሓደ ካብቶም ጥንታዊ ብራና ሓዲስ ኪዳን አብ አለክሳንድርያ እዩ ተተርጊሙ። አልክሳንድርያ ማእከለን ምንጭን ናይ ስነፍልጠትን ባህልን አይሁድ እያ ነራ፥ ስለዚ ዮሴፍን ማርያምን ንግብጺ ክሃድሙ እንከለዉ ታሪኻዊ ምትሕሓዝ ነርዎ እዩ፥ ቋንቕኦም ባህሎም ዝፈልጡ ቤተ ሰቦም ደቂ ዓዶም ዝነበርዎ ሃገር እዩ እምበር ሱቕ ኢሎም ተላዒሎም ዝኸድዎ ሃገር አይኮነን። ካልእ አብ ብሉይ ኪዳን እንርእዮ አብርሃም ንድሕነቱ አብ ምድረ ግብጺ ሃዲሙ፥ ያዕቆብ አብ እስራኤል ጥመት ምስ ኮነ አብ ምድረ ግብጺ ከይዱ አብኡ 450 ዓመት ስድርኡን ህዝቡን ተቐሚጦም። ማርያምን ዮሴፍን ንግብጺ ክሃድሙ እንከለዉ ንታሪኽ አቦታቶም ይፈልጡ ስለ ዝነበሩን አብ ግብጺ ምህዳም ዝሕሸ ድሕነት ዝነበሮ ስለ ዝኾነ እዩ። ሎሚ ብፍሉይ ህዝብና ብዝረኽቦ ዘሎ እንተ ረኤና ግና ምድረ ግብጺ ምድረ ሞት ግፍዒ ዓመጽ እዩ ኮይኑ ዘሎ። እቲ ቐደም ዝነበረ ሰናይ ነገራት ሎሚ አይርአን።

ሎሚ ምድረ ግብጺ ክርስትያን ዝዋረዱሉ አብያተ ክርስትያናት ዝሓረሉ ስደተኛታት ዝግፍዑሉ ሕሱም ሃገር እዩ ኮይኑ ዘሎ። ሎሚ ንግብጺ ምስዳድ ማለት ንሞት ምኻድ እዩ። ህዝቢ ባህሊ እምነት ክቕየር እንከሎ ክፍአት ዓመጽ ይበዝሕ። ሰባት ንቕይር ኢና። ግብጻውያን ተቐበልቲ አጋይሽ ዓንገልቲ ስኡናት ዝነበሩ ቀተልቲ ገፋዕቲ ተቐይሮም እንርእዮ ዘሎና ሓቂ እዩ። ግን ኩሎም ግብጻውያን ገፋዕቲ ቀተልቲ ማለት አይኮነን፥ ብዙሓት ንስደኛታት ዝደናገጹ ዝሕግዙ እውን አለዉ። ብዙሓት ካብ ወገናትና አብ ግብጺ አለዉ ወይ እውን ብእኡ ዝሓለፉ አለዉ ዝተፈላለየ ፍጻሜ እዮም ዝነግሩና። እዚ ኾይኑ እቲ ነቲ ዝገበርዎ ጽቡቕ አምላኽ ይባርኮም ነቲ

ዝፈጸምዎ ግፍዒ ኸአ አምላኽ ይምሓሮም ንበል። መድኃኔ ዓለም ከማና ተሰዲዱ ተዋሪዱ እዩ ግን ብግብርን ብቃልን ምሃሩ ኢሉ አምሂሩና ስለዚ መሓርቲ ንኹን።

ብዓለ ቍስቋም ፍሉይ ዝኽሪ እዩ ዝህበና። አብ ዓለም ኩሉ ጊዜ ዝተፈላለዩ ገፋዕቲ ቀተልቲ ከም ዝነበሩን ዘለዉን እንርእዮ ሓቂ እዩ። እንተ ኾነ ሓደ ነገር አሎ አምላኽ ኩሉ ጊዜ አብ መንነ ዓመጽን ግፍዕን ንህዝቡ ምስ ረድአ እዩ። አምላኽ ክንግፋዕ ክንጠፍእ አይሓድገናን እዩ። ከም ዮሴፍ ዝልእከልና መልእኽቲ አንቢብና ክንክእል አሎና። ንአምላኽ አብቲ ጽንኩር እዋን ርኢና ክንክእል ምሉእ ድለትን እምነት ክህልወና ይግባእ።

አብ ጉዕዞ ሕይወትና ንዝጓነፈና ፈተና ንአምላኽ ሒዝና ክንጉዓዞ እንከሎና ተስፋ አሎና፥ ኩኖ ሞት ንዘሎ ራህዋ ክንርኢ ይሕግዘና። ስደት ዝኸፍአን ዝኸበደን እዩ፥ ኩሉ መሰልካ ተገፊፉ ክብሪ እንስሳ እውን ዘይትረኽበሉ እዩ። እሞ ሎሚ ንኢየሱስን ማርያምን ንኹሎም አብ ዝስደት አብ ዓዲ ጓና ብዝተፈላለየ መገዲ ዝግፍዑ ዘለዉ ትዕግስቲ ሰላም ከውርዱሎም ንለምኖ። አብ ዓዶምን ህዝቦምን ተመሊሶም ብሰላም ዝነብሩሉ ጊዜ ከውርደሎም ብፍሉይ ንጸልየሎም። አማርያም አደና አደ ስደተኛታት ንወድኺ ለምንልና ንበላ።

ብሩኽ አውደ ዓመት ይግበረልና።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ